# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



## ኖህን ማይ ኣይህን

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Byron Unger; Lazarus

ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Tammy S.

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2012 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኖህ ንኣምላኽ ዘመስግን
ሰብ እዩ ዝነበረ ካልእ
ኵሉ ሰብ ክፉእን
ንኣምላኽ ዘይእዘዝን
እንከሎ፡
ሓደ
መዓልቲ
እግዚኣብሄር
ኣዝዩ
ዘገርምን ዘፍርህን
ንኖህ ነገሮ።



ከምዚ ከኣ በሎ ″ምድሪ
ዓመጻ መሊኣ እያ እሞ
ኣነ ንምድሪ ከጥፍኣ
እየ ምሳኻ ግና ኪዳነይ
ከቕውም እየ
በሎ።



እግዚኣብሄር ከኣ ንኖህ ከምዚ ኢሉ ኣጠንቀቐ” ማይ ኣይሂ ክሰድድ እየ ንመሬት ብምልእታ ከዕለቅልቕ እየ በሎ። ንዓኻን ንስድራኻን ኣነ ንዝነግረካ እንስሳታትን መርከብ ስራሕ በሎ።”



ከመይ ጌሩ ክሰርሓ ከምዘለዎ ኵሉ
ብንጹር መምርሒ ሃቦ። ካብቲ ጊዜ
ጀሚሩ ኖህ ምስ ስድራኡ ኣብ
ከቢድ ስራሕ ተጸምደ።




እቶም ደቂ ዓዱ
የላግጽሉ ነበሩ።
ንምንታይ
ኣብ
ሓደ ንቁጽ
ምድሪ ካብ
ባሕሪ ዝረሓቀ
መርከብ ይሰርሕ
እንዳበሉ።


ኖህ ግና በቲ
ዘይምርድኦም
ከይተገረመ ነቲ
ስርሑ
ቀጸለ።



እኳ ደኣ ክንስሑን ናብ ፈጣሪኦም ክምለሱን ይምዕዶም ነበረ።

ንሳቶም ግና ነቲ ዝብሎም ዝነበረ ኣየስተውዓልዎን።


ኖህ ግና ዓቢ
እምነት ኔርዎ።



ተርእዩ ዘይፈልጥ
እግዚኣብሄር
ከምዝገብርን ዝናም
መሳኰቲ ሰማት
ከፊቱ ንምድሪ
ከምዝመልኣን።


ነዚ ኣሚኑ ከኣ ነቲ
ስራሕ ዝተባህሎ
ፈጸመ።

ምሳኻ ብህይወት ምእንቲ ክትሕልዎም
ድማ ካብ ኵል ህያው ካብ ስጋ ዝለበሰ
ክክልተ ...



. . . ካብ ኵሉ ዓይነት ናብ መርከብ ኣእቱ
ተባዕታይን ኣንስታይን ይኹን በሎ።



መቸሰ ኖህ ነቶም እንስሳታት
ክእክቦምን ከእትዎምን ናብ
መርከብ ከሎ እቶም ሰባት
የላግጽሉን ነይሮም ይኾኑ።



ንኣምላኽ ካብ ምብዳል ዓዲ
ኣይወዓሉን ሓጢኣት ኣብ ርእሲ
ሓጢኣት እንዳወሰኩ። ንኖህ
ናብ መርከቡ ከእትዎም
ውን ኣይለመንዎን።





ድሕሪ
ክንደይ
ጻዕርን
ቃልስን ኖህ
ነተን ዝተባህሉ
ዕዮ መርከብን
ኣብኡ ዝኣትውን
ኣስቂልዎም ተዳለወ።



እግዚኣብሄር ንኖህ ንስኻን ስድራካን ናብ መርከብ እቶ በሎ። ምስ ኣተወ እግዚኣብሄር ነቲ ዓቢ ማዕጾ መርከብ ዓጸወሉ።



ናብ መርከብ
ከእትዎ ዝነበሮ
ኵሉ ከምቲ ትእዛዝ ምስ
ኣእተወ እግዚኣብሄር ከኣ
ዝናም ናብ ምድሪ ኣዝነመ።
ብዘይ ምቁራጽ። ኣርብዓ
መዓልትን ለይትን ዝናም ፈሰሰ፡



እቲ
ማይ
ንምድሪ
ምምላእን
ንዓድታትን ከተማታት
ከጥሕለን ጀመረ።



ቀስ እንዳበለ
ኵርባታትን
እምባታትን
ክዋሓጡን ክጥሕሉን
ጀመሩ። በዚ ከኣ ኵሉ ህይወት
ዘለዎ ፍጡር ኣብ መርከብ
ዘይኣተወ ዝነበረ ሞተ።



እቲ ማይ ነታ መርከብ
ካብ ምድሪ ጸምበለል
ኣቢሉ ሓፍ ኣበለ። ኣብ
ውሽጢ እታ መርከብ
መቸስ ምስቲ ለይቲ ምስ
መዓልቲ ዝዘንብ ዝነበረ
ግብ ዝበለ ጸልማት
ዘፍርሓካ ዘንቁረካ
ንዓይንካውን ዘይትርእዮ
ኮይኑ ክሽውን
ይኽእል እዩ።



እቲ ዘሓጉስ ናይታ መርከብ ግና፥ በቲ ዝሃረመ ማይ ኣብ ምድሪ ተዋሒጣ ኣይተረፈትን።



ድሕሪ ሓሙሽተ ወርሒ እቲ ምዕልቅላቅ ማይ። ኣምላኽ ድማ ኣብ ምድሪ ንፋስ ኣንፈሰ። ኣቲ ማይ ከአ ጎደለ፡ እታ መርከብ ኣብ ኣክራን ኣራራት ዐረፈት።



ብድሕሪ እዚ ኖህ ንኣርብዓ መዓልቲ ክሳብ እቲ ማይ ዝጐድል ኣብ መርከብ ተጸበየ።

ኖህ ነቲ መስኮት መርከብ ከፈቶ ንርግብን ካኹን ከኣ ሰደዶም። እታ ርግቢ እግራ እተዕርፈላ ኣይረከበትን እሞ ናብ መርከብ ተመልሰቶ፣



ገና ካልእ ሾውዓተ
መዓልቲ ጸኒሑ ድማ
ነታ ርግቢ መሊሱ
ካብ መርከብ ሰደዳ፡
እታ ርግቢ ኣጋ ምሸት
ልሙዕ ቆጽሊ ኣውሊዕ
ኣብ ኣፉ ሒዛ ተመልሰት።


ድሕሪ ሰሙን
መሊሱ ሰደዳ ድሕሪ
ደጊም ግና ናብኡ
ኣይተመልሰትን።


ኣምላኽ ከኣ ንኖህ ከምዚ
ኢሉ ተዛረቦ ንስካን ሰበይትኻን
ኣንስቲ ደቕኻን
ካብ መርከብ
ውጹ።


ምሳኻ ዘሎ ኵሉ ህያው ዘበለ
ኣዕዋፍን እንስሳን ኣብ ምድሪ
ለመም ዝብሉን
ኪስስኑ ምሳኻ
ኣውጽኣዮም።

ኣብ ምድሪ ድማ
ይፍረዩን ይብዝሑን።



ኖህ ኣዝዩ ባህ በሎ ተሓጐሰ ተሰራሰረ
ናይዚ ምላሹ ድማ ንእግዚኣብሄር
መሰውኢ ሰርሐ። ነቲ ካብ ጸበባ
ዘውጽኦ ኣምላኹ
ንምምስጋን።




እግዚኣብሄር ከኣ በቲ ኖህ ዝገበሮ ባህ ስለ ዝበሎ ኪዳን ኣተወሉ።


ድሕሪ ደጊም
ብሰሪ ሰብ
ንምድሪ መሊሰ
ኣይረግማን ድሕሪ
ደጊምሲ ከምቲ
ዝገበርክዎ ህያው
ዘበለ ኲሉ መሊሰ
ኣይከጥፍኦን እየ፡
ንምልክት ቀስተይ
ኣብ ደበና ኣንብር
ኣሎኹ፡

ኖህን ስድርኡን
ድሕሪ ማይ
ኣይሂ ኣብ ምድሪ
ሓደ ኢሎም ሓድሽ
ህይወት ክመርሑ
ጀመሩ።



ብዘርኡ ድማ ንምድሪ ክመልእዋ ጀመሩ፡ ኵሉ ዓለም ድማ ዘርኢ ኖህ ኮይኑ ኣሎ።



# ኖህን ማይ ኣይህን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 6-10

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119:130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፥

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ
ከም ዝሰኣና ይነግረና፥ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ።
ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ
ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፥ ንሕና ግና
ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ
እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፥
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ
ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና
እሙንን ጻድቕን እዩ፥

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፡ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፡ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፡” ኣሜን፡

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16